ኤርትራዊ ማሕበር ንሰላም ኣብ ባደንቩርተንበርግ
ERITÄISCHER VEREIN FÜR FRIEDEN
IN BADEN–WÜRTTEMBERG
الجمعية الإريترية للسلام

## ሓደ መስከረም 1.09.2005

ወርሒ መስከረም ነቲ ኣብ ድቕድቕ ክረምቲ ተዋሒጡ ዝጸንሔ ትንፋስ ብምሃብ፡ መሬት ብገልገለ መስቐል ተሰሊማ ፡ ጥሪት ነብሰን ተመሊሱ፡ ጸረብን ክዕንድራ፡ ሩባታት ነቲየም ጽሩይ ማይ ክዛርዩ ጨራ ናይ መስከረም ምኻኖም ይሕብሩ።

ኩኡ ከም ዝፈልጦ እውን ሕዝብና ፋሕተርተር በሃላይ ጻዕራም እንተ ኾነ፡ ካብ ኣቐማምጣ ምሬትና ዝተረክብናዩ፡ ሰረተ ቁጠባና ማሕረስ ክንድዝኾነ ፡ እቲ ዝርካቡ መሬት ቦታ እንኮ መሳርሒ ናውቲ መስርዕ ማሕረስ ካብ ዚሕረስ፡ መዋእል ሓሊፉ እዩ።

እቲ እዝጊ ዝሃቦ ቀለብ ዓመቱ ዜእቱ ዘይሳኣን'ካ፡ እንተኾነ፡ እቲ ዝበዝሕ ግና ቀለብ ሓጋይ'ካ ብቆይቆይ፡ እዩ። ድሕሪሽዑ ኣዝመራ ይህብ'ሞ፡ ኣሕምልትን፡ ቃርፍ በረኻን፡ እናተመገበ ከምዘይ ስገር የለን፡ ናብ መስከረም ደበኽ ይብል።

ሽዑ ወዮ ከም በዓል ብሱልተባሂሉ ዝጽዋዕ እኽሊ ይበጽሕ'ሞ እንተ ሻቑጡ፡ እንተ ኣኺዱ ከብዱ ይመልእ። ሕይወት ሓዲስ ተስፉ ተስተማቕር።

ዕንባባ መስከረም ድማ ንመሬት የወቅባ፡ ኅበታት ይስለሙ።ከምዝተጠቐሰ እውን ኣፍላጋትን ሩባታትን ነቲየም ይዛርዩ፤ሕይወት ዘለዎ ፍጥረት ኩሉ እውን ክዝምር ይጅምር።

እዚ ጥራሕ ኣይአክልን ፡ እቲ ካብ ጥንቲ ኣብ ሱር ባህሊ ህዝብና ፡ ዝተተኽለ ባዓል ዮውሓንሰይ ቕዱሰይ እንናተሃህለ ዝዝመረሉን፡ ዝድረፈሉን በዓል ሓንሰ-መስቐለ፡ ከም ማንታ ክይኑ፡ ምስ ሓድሽ ዓመት ሓደ መስከረም ብርሃው ይብል።

ሽዑ ይቁሎ ይጣሓን ጠስሚ'ውን ይጥሰም'ሞ „ዓኾኻይ-ዓኾኻይ፡ ቑራዕ ሓምሊ ውጻእ፡ ገዓት ጠስሚ እቶ፡ ንዓመታ'ዚ እዋን ብድሓን ሰላም፡ የጽንሓና፡ ብምባል ከኣ ሓድሽ ዓመት(ሓደ መስከረም) ይምረቕ።

ናይ ሓደ መስከርም ጋይላ እውን ዲቕ ክበሃል ይቕኒ፡ እዚ ኩሉ ተኣኻኺቡ ድማ ፡ ሓዲስ ወቃበን፡ ግርማን ይህቦ።
በዚ ምኽንያት እምበኣረይ **መስከረም ናይ ተስፉን ራህዋን ወርሒ ኮይና ትግለጽ።**
ብፖለቲካ ዓይኒ ድማ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ተቆሪኑ ኣደዳ ግፍዕን ጭቆናን ምስ ኮነ፡ ብሰላማዊ ፖለቲካዊ ቃልሲ

ስብአዉን ፖለቲካዉን መሰሉ ከረጋግጽ ተቓለሰ።
ሐይሊ መግዛእቲ ግን ህዝብና ንምንብርካኽ፡ ዝያዳ ቅንጻላን ማእሰርትን
አዘዉተረ፡ ሐድነት ህዝብና ንምዝራግ ድማ ከም ቀንዲ ዕላማኡ ተዋፈረ።
ካብዚ ንድሐር ሀዝብና ኤርትራ ህላወኡ ንምርግጋጽ ነቲ ብሐይሊ ጥራሕ
ዝአምን፡ ዝነበረ ሐይሊ መግዛእቲ፡ ብሐይሊ ጥራይ ክግጠም ከምዘለዎ
አስተብሀለ።

ካብዚ ተበጊሱ እዉን፡

ንህዝበይ ክብጆ አሲረ ጥላመይ
አብ መሬተይ ይፍሰስ ይሰተ ደመይ
ንሀገረይ ቁሩብ ክኽስክስ ዓጽመይ
ስጋይ'ዉን ይጭኖ ይብልዓዩ አሞራ
ኤርትራ ሀገረይ ክትኮነለይ ሐራ።

ብማለት ባሕቲ መስከረም፡ ብ1961 ብመሪሕ ስዉእ
ጅግባ ሐምድ እድሪስ ዓወት ዝተጀመረ ብረታዊ ተጋድሎ ንመጀመርያ ግዜ
አብ ኀቦታት አዳል ናይ ሓርነት ድምጺ አስምዔ።
ህዝቢ ኤርትራ ንናጽነት ሓርነትን ክብል ን30  ዓመታት ዝአክል ሐድነቱ
አደልዲሉን ኣዕቂቡን አንጻር ባዕዳዊ ሐይሊ አካይዱ።
ዓድታት አንደደ ጥሪት ሃገር በሪሱ መሬት ከይተረፈ ብናፓል ደብደበ፤
ብአሽሓት ዝቑጸር ጅግና ሰንከለ፤ ብዙሕ ምስዋእቲ ተኸፍለ። ማእለያ ዘይብሉ
ድማ ሃገሩ ገዲፉ ክስደድ ተገደደ። ምስ'ዚ ኩሉ ግን ሳላ ጽንዓትን ተወፋይነትን \
ህዝቢ ኤርትራ ሓይሊ መግዛእቲ ተደምሲሱ ኤርተራ ሃገርና ብ24 ወርሒ ግምቦት
ናይ 1991 ነጻ ኮነት።
ድሓሪ ሃገርና ኤርተራ ሐራ ምኻና፡ ህዝቢ ኤርትራ ብሐደ ምስከረም ናይ ዝተወልዐ
ሽግ፡ ብርሃን አብ ምሉእ ኤርትራ ብርሃኑ አብሪሁ ድነን ጸላምን ተቐንጢጡ፡ ተመስገን
አምላኽ ብምለት አብ ፈቐዶ ኩርንዓት ሃገርና ናይ ታሕጓስ ነጋሪትን ከበሮን ተሃርመ።

ኩራዓትን ሐበንን ህዝቢ ኤርትራ ዘባህረሮም ጉጅለ ህግደፍ ግና ባህሉን ኩርዓቱን
ዘሪፎሞን ዘሪያምን ናይ ሽርሕን ሽሕጣንን መንገዶምን ተግባራቶምን ሕር-ሕራይ ገሮም
ተተሐሐዝዎ ኤርትራ ሃገርና እንደገና ብድነን ጸላምን ተሸፈነት፤ እቲ ንመዋእሉ
አብ ዓዲ ጋና አብ ስደት ዝነብር ክፉል ህዝቢ ኤርትራ ሂወት ናይ ስደት ዘንገርገሮምን
ዝመረሮምን ንሃገሩ ክምለስ ዝነበሮ ዓብይ ተስፋ ህርፋንን በኒኑ ሓድሽ ናይ ስደት ማዕበል
ተጀመረ። መንእሰይ አርትራ ወለዶ እዉን አብ ፈቐዶ በረኻን ምድረ በዳን ትሪፖሊ አብ
ቀይሕ-ባሕርን ማእከላይ ባሕርን ዝእዉየሉ ዝነግረሉን ዘይብሉ ጠፊኡን ይጠፍእ ኣሎን።
እቲ ዝርኽበ ይርከበኒ ቢሉ ናብ ስደት ከጠፍእ ዕድል ዘይረኸበ ኀበዝ መንእሰይ እዉን
ስድራኡን ምዉቕቲ ገዝኡን ሐሪሙዎ አብ ፈቐዶ በረኻን ኩርባን ሰናጭሮን ሰፊሩ ዝመረረ
ሕይወት ይሕልፍ ምህላዉ ኩሉ ዝፈልጦ ሓቂ ኮይኑሎ።

ሰብ-ክቡር-ሰብ፡ መይቱ ንመቓብር ዝወስዶ-ዝቕብሮ ዝሳአነሉ እዋን ተበጺሑ፤ ኤርትራ ሃገርና
ንኽሽጣን ክልዉጣን ድሕር ዘይብል ከም ሐንቲ ስልምቲ በቕሊ ብሐደ ሰብ እትዉነን ኮይና፡
ህዝብና እቲ ዝሐለፈ ብታሪኽ እንፈልጦ ናይ ባርነት መዋዕል ኣርኪቡዎ፤ ንህዝቢ ኤርትራ
ኩርዓቱን ክብሩን ግርማኡን ክመልሱሉን፡ ብሓልዮ ሓደ አቦን፡ ሐንቲ አደን፡ ሓደ ሐዉን
ሓንቲ ሐፍትን፡ ኮይኑ ዘገልግሎ መንግስቲ ንኽረክቡ፡ ሓለፉ ኩሉ ኮይኖም ዝተበጀዉ ስዉኣትና
ሕድሮም ተጠሊሙ ክብርን ስምን ስዉኣትና መዘለፍን መጣልዕን ኮይኑ።

ህዝብና ንኽርህዎ ኣካሎም ዝሰንከሉ ኣካለ ስንኩላንና ( ህላዋት-ስዉኣት) እዉን እቶም ዝተረሸኑ
ተረሽኖም ንቶም ዘለዉ ጉጅለ ህግደፍ ፈንፊኑዎም ንምጥፋኦም ዝኾነ ስጉምቲ ንኽወስድ ድሕር
አብ ዘይብለሉ እዋን ተበጺሑ፤ ኣደ ስዉእ ተኸቢራ ተሐፊራን ክትነብር ትስፋ ዝነበራ አብ ክንዲ

ክብራን ደበሳን ናይ ዝተረፍ ደቃ መስዋእትነት፤ ኣርኪቡዋ ወላድ መኻን ኮይና ገጻ ናብ ትክን ቃሬትን ተለዊጡ፤ ማያ ተወዲኡ ደም ትነብዓሉ እዋን ተበጺሁ ኣሎ። ጠቕሊልና ኣኻኺብና ክንርእዮ እንከሎና እምባኣርከስ ጉጅለ ህ.ግ.ደ.ፍ. ኣብ ቅዲሚ ኣምላኽን መድረኽ ሕልና ሰብን ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዜእዊ በደልን ግፍዕን ማሕነቕትን ሞትን ይፍጽሙ ኣለዉ።

ስለ ዝኾነ ድማ እዚኹሉ ናይ ኣዉያት ነጋሪት ኣብ ፊቐዶ ናይ ኤርትራዊ(ት) ማዕጾ ዝኩሕኩሉ ስለ ዘኾነ እሞ ስቕ ቢልካ ምጽባይ ጽባሕ ንጉሆ ተጣዒስካ ዘይፍደ ናይ ሕልና ዕዳ ስል ዘኾነ ኩሉ ኤርትራዊ ብሓቂ ብህዝቢ ኤርትራን ሃገር ኤርትራ ዝግደስ ነዚ ናይ ኣዉያት ነጋሪት'ዚ ብሕልና ክምልስ ሓላፍነት ኣለዎ።

ኣንታ እንታይ- ፍታሑ-እንታይ-ፍታሑ
ተጻይ ህዝብን ሃገርን እንካብ ተመከሑ
ተጻይ ሕግን ፍትሕን እንካብ ተመከሑ

ብዋጋ ብጥሪት ብንብረቱ
ኤረ ብመስዋእትን ብሒወቱ
ንዘዕቆባ ሃገር ሓያሎ ተጃቲቱ

ጉጅለ ህ.ግ.ደ.ፍ እከይ ካብ ፈለሙ
ህዝብና ተላዓሉ ስቕ ቢሉ ኣይርእን ክሕለብ ጥቕሙ
ዕላምኡ ክሃርም ናይ መስክርም ጩራ
ለምለም ንኽትከዉን ሀገርና ኤርትራ

ሞጎስን ዘለዓለማዊ ክብርን ንስዉኣትና
ዓወት ንህዝቢ ኤርትራ
ዕድመ ንባሕቲ መስከረም

**ኤርትራዊ ማሕበር ንሰላም**
**ኣብ ባደንቩርተንበርግ**
**ስቱትጋርት**